ብሩኽ በዓል ቅዱስ ዮሓንስ - መስቐል፤ ሓዲስ ዓመተ ምሕረትን ሰላምን ይግበረልና።



# ብሥራት መድኃኔ ዓለም

## መድኃኔ ዓለም ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ሥርዓተ ግዕዝ

"ጥበበይናታት ምእንቲ ክንክውንሲ እቲ ዕድመና ሓጺር ምዃኑ ምሃረና"
(መዝ 90:12)
፩ መስከረም ፳፻፰፡ 11 መስከረም 2015



“እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ
ቡሩኽ ኢዩ”

# መልእኽቲ ሓንሰ መስቀል
# ብጽዕ ኣቦና ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም፣ ሊቐ-ጳጳስ ሃገርና

## “ጥበበይናታት ምእንቲ ክንክውንሲ እቲ ዕድመና ሓጺር ምዃኑ ምሃረና”

(መዝ 90:12)

፩ መስከረም ፳፻፰፡ 11 መስከረም 2015

ክቡራን ካህናት
ክቡራት ደናግል
ፍቁራን ምእመናን ክርስቶስ

ሰላም እግዚኣብሔርን ጽላል ኣደና ኪዳነ ምሕረትን ወትሩ ኣይፈለኹም እናበልኩ ልባዊ ሰላምታይ ኣቕርበልኩም።

ሎምዘመን፣ ነዛ መልእኽቲ ሓንሰ መስቀለ፡ ኣብ ፋጥማ፡ ሃገር ፖርቱጋል ኮይነ እየ ዝጽሕፈልኩም ዘሎኹ። ብጸጋ ኣምላኽ ካብ ዕለት 24 ክሳዕ 31 ነሓሰ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ጸሎትን ኣስተንትኖን ኣኼባ፡ ምስ ካልኦት 16 ኮምቦናውያን ጳጳሳት ኣብዚ እርከብ ኣሎኹ። እዚ ቦታ እዚ እኖና እግዝእትነ ማርያም ብ1917 ዓመተ ምሕረት ነቶም ሠለስተ ዃዑት፡ ማለት ንሉቺያን፡ ፍራንሲስኮን፡ ጃቺንታን፡ ካብ ወርኂ ግንቦት ክሳዕ ወርኂ ጥቅምቲ 1917፡ ኣብ መበል 13 መዓልቲ ናይ ነፍሲ ወከፍ ወርኂ ተራእያቶም እያ። ራእይታት ማርያም ፋጥማ፡ ከኣ፡ ድልዱል እምነት፡ ቀጻሊ ጸሎት፡ ሓቀይና ንስሓን መንፈስ ተጋድሎን ኣብ መጨረሲታ ከኣ ብምሉእ ልብኻ ናብ እግዚኣብሔር ምምላስ፡ ንድኅነትና ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ዘዘኻኽር መልእኽቲ ዝሓዘ እዩ።

ሎሚ፡ ፋጥማ፡ ናይ እምነት ቤት ትምህርቲ ተባሂላ እያ እትጽዋዕ። እዚ ከኣ ብ1917 ዓ ምፈ፡ ኣብ ኤውሮጳ፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ ሃገረ ፖርቱጋል፣ እምነት ኣዝዩ ውሒዱሉ፣ ኣንጻር ቤተክርስትያን ዝተወደበ ናይ ማሶኒ መንግሥቲ ነጊሡሉ ኣብ ኣብ ዝነበረ ጊዜ፡ እግዚኣብሔር ብኣደና ማርያም ገቢሩ ንናእሽቱ ገርህይናታትን ቆልዑት ተገልጸሎም። ኣብቲ ሽው ጊዜ ማዕቢሉ ዝበሃል ዝነብረ ክፍሊ ዓለም ኤውሮጳ፡ *“እግዚኣብሐር ምይቱ እዩ”፡ “ወዲ ሰብ፡ ብሓቂ ክምዕብል እንተኾይኑ፡ እግዚኣብሔር ክጠፍእ ኣለዎ”*፣ ዝብል ሓዲስ ፍልስፍና ነጊሡሉ ኣብ ዝነበረ ጊዜ፣ ቀዳማይ ውግእ ዓለምውን ኣብ ዝኸድካዮ ሞትን ስንክልናን ዕንወትን ዘሪኡ ነበረ። ብሓጺሩ፡ ሃምን ቀልብን ዝበዝሑ ሰባት ኣብ ገንዘብን፡ ስልጣንን፡ ጊዚያዊ ምቾትን፡ ጥራይ ከተኩር ይርእ ነበረ። ካብዚ ዝተላዕለ ከኣ ጭካነን ህርፋንን ቅንእን ንዓይ ይጥዓመንን ገኒኑ መሰል ደቂ ሰባት ተረጊጹ፡ ኣብ ኩሉ ቦታ ከኣ ፍትሒ ጎዲሉ ነበረ።

መልእኽቲ ማርያም ፋጥማ፡ በንጻሩ፡ ቀዳምነት ንእግዚኣብሔር ምሃብ ከምዝግባእ፡ ተስፋ ቊርጸት ሓዘንን ብኽያትን ጭካነን በዚሒሉ ኣብ ዝነበረ ጊዜ መልእኽቲ ምሕረትን ምጽንናዕን ተስፋን ፍቕሪ ሓድሕድን ዝመልእ እዩ ዝነበረ። እቲ መልኣኽ ብ1916 ዓምፈ፡ *“ኣነ መልኣኽ ሰላም እየ፡ ምሳይ ኮይንኩም ጸልዩ”* እናበለ ነቶም ሠለስተ ዃዑት ዝመሃሮም *“ኦ ኣምላኸይ፡ ኣነ ኣእምን ኣነ ተስፋ ኣገብር ኣፈቅረካ። ምእንቲ እቶም ዘይኣምኑ፡ ተስፋ ዘይገብሩ፡ ዘይፈትውኻ ከኣ ምሕረት እሓትት”* ዝብል ዓብይ ናይ እምነትን ተስፋን ፍቕርን ጸሎት እዩ። እግዚኣብሔር ኩሉ ጊዜ፡ ኣብቲ ዝኸፍአ ጊዜውን ከይተረፈ ጩራ ብርሃን ይሰደልና። *ራእይ ፋጥማውን ሓደ ካብዚ እግዚኣብሔር ብማርያም ገቢሩ ንዓለም ዘምጽኣላ ናይ ተስፋ ጩራ እዩ ነቢሩ። ሕዝቢ ፖርቱጋል ካብ ውግእ ናብ ሰላም፣ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ምእንቲ ክሳገር ነዚ መልእኽተ እዚ ብማርያም እመሓላለፈሎም። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንተኸተልቱ “ደቂ ብርሃን ምእንቲ ክትኮኑ ከኣ ብርሃን ከሎኩም ብብርሃን እመኑ” (ዮሓ 12:36) ከምዝበሎም ንሕዝቢ ፖርቱጋል እውን ነዚ ዕድመዚ ኣቕረበሉ። ነዚ መልእኽቲ ሰላም ብልቢ ስለዝተቐበልዎ ከኣ ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ከይሳተፉ ወሰኑ። በዚ ምኽንያት ኣዴታት ፖርቱጋል ከኣ ማርያም ፋጥማ ካብ ውግእን ሀልቂትን ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣድሒናትና ኢለን ዝነበረን ወርቅን ብሩርን ኣልማዝን ኣኪበን እቲ ሕጂ ኣብ ቤተመዘክር ፋጥማ ብጥንቃቐ ተዓቒሩ ዘሎ ኣዝዩ ክቡር ዘውዲ ኣብ ርእሲ ምስሊ ማርያም ፋጥማ ክደፍኣ ወሰና። ኣብ ወንጌል ማቴዎስ፡ ኢየሱስ ባዕሉ፡ “ኦ ኣቦይ! ጐይታ ሰማይን ምድርን፡ እዚ ካብ ብልህታትን ኣስተውዓልትን ስለዝሓባእካዮ፡ ንሕጻናት ግና ስለዝገለጽካዮ፡ ኣመስግነካ ኣሎኹ። እወ፡ ኦ ኣቦይ! ኣብ ቅድሜኻ ዘሓጉሰካ ንሱ እዩ”* (ማቴ 11:25-26) እናበለ ከምዝጸለየ፡ ኣብ ፋጥማ ድማ እቲ ዝሰእና ዘይብሉ ልዑል እግዚኣብሔር፡ በቶም ደቂ 10፡ 8፡ 7 ዓመት ሕጻናት ገቢሩ እዩ ነዚ ዓብይ መልእኽቲ ገሊጹ። ብሓቂ ከኣ እቶም *“ንጹሓት ልቢ፡ ንኣምላኽ ክርእዩዎ እዮም እሞ ብፁዓን እዮም”* (ማቴ 5:8)።

ኣደና ማርያም ብመልእኽቲ ፋጥማ ናብ ምሉእ ዓለም ዘምጽኣቶ ተስፋን ሰላምን ኣብ ተግባር ምእንቲ ክርእ ግን በቶም ዃዑት ገቢራ፣ቀጻሊ ጸሎትን ተጋድሎን፡ ተባዕ ምስክርነትን፡ ብጽዑቕ ከዝውተሩ ከምዘለዎም ኣዘኻኺራ እያ። ነቲ ቅዱስ ጳውሎስ ቅድሚ ዘመናት ናብ ሰብ ተሰሎንቄ ዝጸሓፎ *“ኩሉሳዕ ተሓጐሱ፡ ከየቋረጽኩም ጸልዩ፣ ብኹሉ ኣመስግኑ፣ ከመይ ኣብቲ ብክርስቶስ ኢየሱስ ዘሎኩም ሕይወት ኣምላኽ ዚደልዮ እዚ እዩ። ሓዊ መንፈስ ቅዱስ ኣይተጥፍኡ፡ ትንቢት ኣይትንዓቑ፡ ንኹሉ መርምርዎ፡ ነቲ ሠናይ ኃዝዎ። ካብ ክፉእ ዘበለ ርሓቑ። ኣምላኽ ሰላም ባዕሉ ንኹልንትናኹም ይቐድሶ፣ በታ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመጸላ መዓልቲ ኸኣ ብዘይ መንቅብ ምእንቲ ኽትርከቡ ንመንፈስኩምን ነፍስኹምን ሥጋኹምን ይሓልዎ”* (1ተሰ 5:16-23) ዝብል ዓሚቝ መልእኽቲ፡ እቶም ዘይተማህሩ መንእሰያት ክርድእዎ ብዝኽእሉሉ ቋንቋ ከተመሓላልፈሎም ንርኢ። ተግባራውን፡ ብቀጻሊ ጸሎት ዝተደገፈን እምነት ሓቀይና ሓጐስን ቅሳነትን ዘፍሪ ምዃኑ፡ እዚ ከኣ ንጽቡቕን ንቅኑዕን ዘበለ ኩሉ ክንቅበል፡ ንክፉእን ሓሶትን ዘበለ ከኣ ክንንጽግ ከምዝሕግዘና የረድኣና። ማርያም ፋጥማ ብዙሳ ጊዜ “ጸልዩ ብዙሳ ጊዜ ጸልዩ፣ መዓልቲ መዓልቲ መቑጸርያ ድገሙ” እናበለት እያ ተማሕጺና። በዚ ከኣ ማርያም ናይ መቑጸርያ ተባሂላውን ትጽዋዕ እያ።



እቲ መዓልቲ መጸ ጸሎተ መቑጸርያ ከነብጽሕ ከሎና ምእንቲ ኃጢኣተይናታት ንደግሞ "ኦ ኢየሱሰይ! ንበደላትና ይቕረበለልና፡ ካብ ሓዊ ገሃነመ እሳት ሰውረና፡ ንኩለን ነፍሳት፡ ኣውራ ነተን ምሕረትካ ብፍላይ ዘድልየን ንሰማይ ውሰደን" ዝብል ተደጋጋሚ ሓጺር ጸሎትውን፡ ኣዴና ማርያም፡ በቶም ናእሽቱ ጓሶት ገቢራ፡ ኣብ ፋጥማ ዝመሃረትና ጸሎት እዩ። ብኃጢኣትና እንተተነሳሕና፡ ነቶም ፈሊጦም ወይ ከይፈለጡ ኣብ ኃጢኣትን ክፍኣትን ዝጠሓሉ ኣሳዋትናን ኣኃትናንውን ክንዝክሮም ከሎና ልቢ እየሱስ ከምዝልስልስ፡ ሰላምን ዕርቅን፡ ከምዝነግሥ ርጉጻት ኢና።

ኣብዚ እዋን ሓንስ መስቀል፡ እዚ፣ ማርያም ኣብ ፋጥማ ዝሃበቶ ዓብይ መልእኽቲ፡ ምስቲ ኣብ መዝሙር ዳዊት ቍ 90 እንረኽቦ ጥበብ ዝመልእ ጸሎትውን ዝሰማማዕ እዩ። እቲ "ዕድመና ሰብዓ ዓመት፣ እንተ በዝሐ ከኣ ሰማንያ ዓመት እዩ። እዚ ከኣ ጻዕርን መከራን እዩ ዘምጽኣልና። ዕድመና ቀልጢፉ ይኃልፍ፡ ንሕና'ውን ንኸይድ" (መዝ 10) ዝብል ማዕዳ፡ ኣብ ጭቡጥ ዕለታዊ ተምክሮ ደቂ ሰብ ዝተመሥረተ ሃናጺ ትምህርቲ እዩ ክንብል ንኽእል። ዳዊት "ንሰብ ከምቲ ቀልጢፉ ዝሓልፍ ውሒዝ ገበርካዮ፡ ከም ትኽስታ ሓጺር ዕድመ ሀብካዮ፡ ከምቲ ብጊሓት ዚልምልም ሳዕሪ፣ እወ ከምቲ ንግሆ ዚዕምብብን ዚልምልምን፡ ኣጋ ምሸት ግና ተዓጺዱ ዚነቅጽ ሣዕሪ እዩ" (መዝ 90፡5-6) ይብል። ነዚ ኩሉ እናፈለጥና ግን ብቐሊሉ ንርስዖ ኢና፡ ኣብዚ ዓለም ንዘለዓለም ከምእንነብር መሲልና ንኸይድ። ከምቲ ዝግባእ፡ ኣብ ሕይወትና ንእግዚኣብሔር ቀዳምነት ኣይንህቦን። ብዙሳ ጊዜ ኣብ ኣዘራርባናን ኣከያይዳናን ኣስተውዒልና ኣይንሓስብን፡ ተጠንቂቕና ኣይንመርጽን፡ ብቅንዕና ኣይንፈርድን፡ ብዓይኒ ምሕረት ኣይንጥምትን፡ ነቶም ሓገዝና ዝሓቱ ወይ ዘድልዮም ሸጉራት ኣሳዋትና ንምሕጋዝ ተጊህና ኣይንውፈን። ብሓጺሩ እቲ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝመጽእ ጥበብ ይጐድለና።

በዚ ምኽንያት እዩ ዳዊት ኣብዚ ዝተጠቕሰ መዝሙሩ፡ "ጥበበይናታት ምእንቲ ክንከውንሲ እቲ ዕድመና ሓጺር ምዃኑ ምሃረና" ክብል ዝርከብ። ነዚ ሓዲስ ዓመት ክንጅምር ከሎና እምበኣር ቅድሚ ኩሉ፡ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ነቲ እግዚኣብሔር ዝሀበና ጊዜን ዕድመን ንብረትን፡ ከመይ ኢልና ብጥበብን ብምስትውዓልን ክንጥቀመሉ ከምዘሎና ክንሓስብ ኣድላዪ እዩ። ጊዜ ሀያብ ኣምላኽ እዩ። እግዚኣብሔር ከኣ ምእንቲ ክንዓብየሉ፡ ምእንቲ ክንመሃረሉ፡ ክንስሓሉ፡ ክንዕረቐሉ፡ ብሓጺሩ ነፍስና ምእንቲ ክንፈቕደሉ እዩ ዕድመ ዝውሰኸና። "ጊዜ ከሎካ ጊዜ ኣይትጸበ ከምዝበሃል" ንሕናውን ዕድመና ሓጺር ምዃኑ ፈሊጥና ነቲ ዝተዋህበና ዕድል ብጽቡቕ ክንጥቀመሉ ኣሎና። ኃቢርና ከኣ "ጐይታየ! ቍጥዓኻ ክሳዕ መኣዝ እዩ ዝጸንሕ?፡ ተመለስ!፡ ንባሮትካ ምሓሮም። ምሉእ ዕድመና ክንሕጐስን ባህ ክብለናን፡ ንግሆ ንግሆ ዘለዓለማዊ ምሕረትካ ኣጽግበና፡ ብመጠን እተን ዘጨነቕካና መዓልታትን፡ ክፉእ ዝረኣናለን ዓመታትን ኣሐጕሰና" (መዝ 90፡13-15) እናበልና ምስ ኣምላኽና ንዋሳእ።

ማርያም ፋጥማ፡ ዝበኽያ ኣዴታት ክጸናንዓ፡ ዝጠምዩ ቆልዑ ክዕንገሉ፡ ዝተረበሹ መንእሰያት ክረግኡ፡ ብነፍስን ብሥጋን ዝሓመሙ ክፍወሱ፡ ካብ እግዚኣብሔር ዝረሓቁ ክምለሱ ኣያ ጸዊዓ። እታ ኣደ ምሕረት፡ ሎሚውን ንወዳ፡ "ክሳዕ ሕጂ ዝሞትዎ፡ ዝተሳቐዩዎ፡ ዝበኸዩዎ፡ ዝጠመዩዎ፡ ዝሓመምዎ፡ ዝተሰደድዎ፡ ይኣኽሎም፡ ብምሕረትካ ደኣ ተዓረቆም፡ ውፉር ደኃን ኣእተወሎም፡ ዝረሓቑ ምለሰሎም፡ ዝጠፍኡ ኣከበሎም" ትብለልና። እግዚኣብሔር ነዚ ዝሀበና ዘሎ ሓዲሽ ዓመት ዮሓንስ ወንጌላዊ፡ ዓመት ዕርቅን ሳውነትን፡ ዓመት ፍትሕን ሰላምን፡ ክገብረልና ከኣ፡ "ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ጸጋኻ ኣብ ልዕሌና ይኹን። ተግባር ኣእዳውና ኣስልጠልና። እወ ንተግባር ኣእዳውና ንስኻ ኣስልጦ" (መዝ 90፡17) እናበልና ኣጥቢቕና ንማህለል። ከም እንፈልጦ ኣብዚ ዝሓለፈን፡ ሕጂ ዝኣቱ ዘሎን ዓመት፣ እናና ቤተክርስትያን ብዛዕባ ውፉይ ሕይወትን ስድራቤትን ክነስተንትን ምእንቲ ውፉያትን ስድራቤትን ክንጽሊ ዓዲማትናን ኣተባቢዓትናን እያ። እቲ ዝመጽእ ዘሎ ዓመት ከኣ ፍሉይ ዓመት ምሕረት ኢላ ሰምያቶን መዲባቶን ኣላ። ነዚ ሓዲስ ዓመት ክንጅምር ከሎና እምበኣር ነዚ ሠለስተ ዓበይቲ ኣርእስትታት ክንዝክርን ምስ መላእ ቤተክርስትያን ክንጐዓዝን ከምዝግብኣና ፈሊጥና ብግልን ብኃባርን ሱታፌና ነደልድል። ዓመት ውፉይ ሕይወት፡ ሲኖዶስ ብዛዕባ ስድራቤት፡ ፍሉይ ዓመት ምሕረት፡ ብእምነትና ክንሕደስ ዝሕግዙና መደባት እዮም ስለዚ ብዝበለጸ ተገዲስና ክንጥቀመሎም ይግባእ።

ንኩልና፡ ኣብ ዘዘሎናዮ፡ ቡሩክ በዓላት ሓንስ መስቀል ይኹንልና [illegible]።

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ሊቀ ጳጳስ ዘመንበረ ኣሥመራ

CATHOLIC EPARCHY OF ASMARA-ERITREA

“እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ቡሩኽ ኢዩ”

ዝኸበርኩም ምእመናን ደብረ መድኃኔ ዓለም እንሆ እምበኣር ድሕሪ እቲ ዝሓለፈ ሰንበት 08/30/2015 ንመጀመሪያ ግዜ፡ ኣብ መንነና ተረኺቦም ብመስዋዕተ ቅዳሴ ንነፍሲ ወከፍና ብራኬኦም ዝሃቡና ከምኡውን ናይ 13 ደቅና መጀመሪያ ቅዱስ ቁርባንን 15 ደቅና ቅባተ ሜሮን ዝቐበሉልና ኣቦና ብጹዕ ኣቡነ ኪዳነማሪያም ንእግዚኣብሔር እናመስገና፥ ሕጂውን ልዑል ኣምላኽ ይመስገን ጹቡቅ ፍቓዱ ኮይኑ፡ ብጹዕ ኣቦና ኣቡነ መንግስተኣብ ተስፋማሪያም “መትሮፓላዊ ሊቀ ጳጳስ” ዘመንበረ ኣስመራ ሎሚ ምሳና ተረኺቦም ቃሎም ከስምዑናን ብራኪኦም ክህቡናን ኣብ መንነና ይርከቡ ኣለዉ እሞ ሕጅውን ንእግዚኣብሔር ሓቢርና ክነመስግን ይግበኣና። ስለዚ ምስ ዳዊት ኮይና ነቲ ኩሉ እግዚኣብሔር ዝገበሮ እልል ንበለሉ፥ ንእግዚኣብሔር ብመሰንቆ ነመስግኖ፥ ዓሰርተ ኣውታር ብዘለዎ በገና ንዘምረሉ፥ ሓድሽ መዝሙር ንዘምረሉ፥ ኣጸቢቕና ንቓንየሉ፥ እልል ንበለሉ። መዝ.33፡1-3

ርሑስ ሓድሽ ዓመት

ዝኸበርኩም ምእመናን እንሆ እምበኣር ሓድሽ ዓመት ክነብዕል ንቀራረብ ኣለናሞ፡ ነቲ ኩሉ እግዚኣብሔር ዝገበረልና እንዝክርናን እናመስገናን ነዚ ዝመጽእ ዓመት ብዝተሓደሰ መንፈስ ንቀባበሎ። ኦ ኣምላኽ፥ ምእንቲ ዘለዓለማዊ ምህረትካ ኢልካ ይቕረ በለልና፥ ምእንቲ ዓቢይ ርሕራሔኻ ኢልካ ኸኣ ኣበሳና ደምስሰልና፥ ካብ ኣበሳና ኣጸቢቕካ ሕጸበና፥ ካብ ኃጢኣትናውን ኣጽርየና እንዳበልና ናብ ጐይታና ንመለስ ንሱ ኸኣ ክሰምዓና ኢዩ፡ ብጸጋታቱ ከኣ ክሽልመና ኢዩ።
ርሑስ ሓድሽ ዓመት ይገበረልና፡ ንዝሓለፉ ኣቦታት ኣዴታት፡ ኣሕዋት ኣሓት መንግስተሰማይ የዋርሰልና፡ ሕሙማትና ይፈውሰልና፡ ንነፍሲ ወከፍና ከኣ ጸጋኡን ጥበቡን ይሃበና፡ ንጉሰ ሰላም ክርስቶስ ሰላምን ቅሳነትን ሃገርናን ዓለምና የውርደልና! ኣሜን

ኣባ ሓጐስ ተስፋጋቢር

ንባባት ሰናብቲ ወርሒ መስከረም

<u>6 መስከረም</u>
1ቆሮ. 1:4-10
2ጴጥ. 2:2-11
ግ.ሓ. 9:1-10
ሉቃ._ 21፡25-37

<u>13 መስከረም</u>
ርእሰ ዓመት ዮውሃንስ ሐዲሽ ዓመት
2ቆሮ. 6፡1-10
ያዕ. 5፡7-12
ግ. ሓ. 5፡12-20
ማቴ. 11፡20-ፍጻ

<u>20 መስከረም</u>
2ቆሮ. 9፡1-ፍጻ
ያዕ. 5፡1-10
ግ.ሓ. 7፡19-21
ማቴ. 4፡24-39

<u>27 መስከረም</u>
1ቆሮ. 3፡1-18
ራእ. 21፡10-ፍጻ
ግሓ. 7፡44-51
ዮው. 10፡22-ፍጻ

ጸብጻብ ወፈያታት ሰናብቲ

08/10/15 = $1,646
08/16/15 = $1,097
08/22/15 = $1,076
08/03/15 = $1,907

## Medhanie Alem Sunday School (MASS)







MASS CCD (Continuing Catholic Development) program was instituted in January 2015 and is comprised of three components; Sacramental preparation (grades 2-3), Youth Ministry (grades 9-12) and general CCD (grades Preschool -8).

Medanie Alem CCD (MASS) is a religious education program available to all students ranging from preschool (age 3) through 12th grade. Sacramental preparation consists of First Holy Communion preparation and Confirmation preparation (Holy Myron). Additionally, we also teach students Mezure in both Tigrinya and English as well as language (Tigrinya)

"Faith is not a light which scatters all our darkness, but a lamp which guides our steps in the night and suffices for the journey. To those who suffer, God does not provide arguments which explain everything; rather, his response is that of an accompanying presence, a history of goodness which touches every story of suffering and opens up a ray of light."Pope Francis ("Lumen Fidei" June 29, 2013).

And so, we seek to help our students to learn to lean on God and deepen their connection through formation. Thus, they will have the necessary guiding light to help them navigate life.



On Sunday August 30, 2015 we joyfully celebrated one of Medhanie Alem's first fruits, First Holy Communion and Confirmation. This is no accomplishment and has been made possible by the tireless efforts of the catechists and Fr. Hagos. Due to the success of our CCD program, students eagerly seek to attend MASS CCD and our number has grown from 26 to 105 students and continue to grow.

## *Sacrament of First Holy Communion/ Eucharist*

*Wadick Abraham*
*Ammenai Adhanom*
*Sessen Adhanom*
*Sofia Alexander*
*Simon Kahsay*
*Noah Kidane*
*Daniel Mebrahtu*
*Simon Michael*
*Michael Phicadu*
*Kirubel Tesfamichael*
*Kumel Tewelde*



## *Sacrament of Confirmation*

*Ferah Abraham*
*Tsnate Amanuel*
*Arsema Berhane*
*Iyobel Ghebre*
*Hyaw Habteselassie*
*Bethelihem Hadgu*
*El Shaddai Hailemichael*
*Bikar Michael*
*Buruk Michael*
*Msghana Negash*
*Aron Ogbagiorgis*
*Ararat Tewolde*
*Eyob Woldeghebriel*
*Naomi Woldeghebriel*





Veni Sancte Spiritus | Come Holy Spirit | ንዓ መንፈስ ቅዱስ ንዓ

# ሃበነ ንህበር በዘዚኣከ መንፈስ ቅዱስ